### ዜናዊ ጸብጻብ
### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
### 23.09.2004

ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም

1. መበል 43 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ብመሪሕነት ጅግና ስውእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብ3 መስከረም 2004 ብመሰረታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ካርቱም ብድምቀት ተኸቢሩ ውዒሉ።

ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ ዓሊ በኺት፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት፥ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ኣፈ ባይቶ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፥ ብጻይ ብርሃነ ኪዳነ፡ ሰክረተር ሰውራዊ ባይቶን ወኪል ውድብ ኣብ ካርቱምን ከምኡ ውን ኣባላት ቤት ጽሕፈት ካርቱም ኣብቲ ጽንብል ተሳቲፎም።

ከምኡ ውን፡ ዕድመ ዝተገብረሎም ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባትን፥ ምቕማጡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝኾነ ገዲም ተጋዳላይ በድር መሓመድ ሳልሕን፥ ኣብ ቀጠር ዝምቕማጡ ደራሳይ ከራር ህያቡ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ካርቱምን መሰረታት ውድብን ንዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ንምኽባር ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም።

በዓለውቲ ናይቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ድሕሪ ምስማዕ፡ ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ ዓሊ በኺት፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተሰብኣዊ ጕዳያት፡ ነቲ በዓል እተዳለወ ቃል ውድብ ኣቕሪቡ። ብጻይ ጅምዕ ንግደን ታሪኽን ባሕቲ መስከረም ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ነቶም ካብ ሊብያ ተባሪሮም ናብ ኤርትራ እናተጓዕዙ እንከለዉ፡ ተሳፊሮሙላ ዝነበሩ ነፋሪት ጨውዮም ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ካርቱም ዘውረዱ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ካብ ማእሰርትን ቅንጸላን ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምምላጥ ዝወሰድዎ ተባዕ ስጕምቲ ሓጕሱን ኣድናቆቱን ገሊጹ። መንግስትን ህዝብን ሱዳን ነዞም ስደተኛታት እዚኣቶም ዝገበረሎም ኣብ ሰብኣዊ ርህራሄ እተመርኰሰ ኣቀባብላ ድማ ኣመጕሱ። ቀጺሉ፡ ኤርትራውያን ካብቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓ ት ምስ ጕረባብቲ ሃገራት ሓሓሊፉ ዝውልዖ ውግኣትን፥ ካብ ማእሰርትን ቅንጸላታትን ጭቆናን ኣምሊጦም ናብ ሱዳን ዝኣትው ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ሰበ-ስልጣን ሱዳን ንጸገማቶም ከምዝርድኡን ኣብ ምቅላሉ ውን ግዲኦም ከምዝጻወቲ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ። መንግስቲ ሊብያን መንግስቲ ሱዳንን ድማ፡ ነዞም ህይወቶም ንምድሓን ብ27.08.2004 ነታ ናብ ኣስመራ እትወስዶም ዝነበረት ነፋሪት ጨውዮም ኣብ ካርቱም ክትዓርፍ ዝገበርዋ ኤርትራውያን ብዓይኒ ርህራሄን ምሕረትን ክርእዮም ጠሊቡ። ኣስዒ ቡ፡ ከለነል ሙዓመር ኣልጋዳፊ፡ ነቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሊብያ ናብ ሃገሮም ንምምላስ ዝውሰድ ዘሎ ናይ ኣስገዳድ ተግባር ብህጹጽ ደው ኽብል ስልጣኑን ሓላፍነቱን ክጥቀምን፤ ከምኡ ውን፡ ዞባውን ኣህጕራውን ማሕበረሰብ፡ ኣብ ጕድኒቲ ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራስን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ደው ክብሉ ጸዊዑ።

ንደምበ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ከኣ፡ ብ1999 ዓ.ም ንምምስራት ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ዘብቅዐ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተኻየደ ቃልስታት ብዝርዝር ድሕሪ ምጥቃስ፡ ክሳዕ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስን ምህናጽ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዝረጋገጺ ንሓድነት ዝካየድ ጽዓታት ቀጻሊ ምዃኑ ሓቢሩ።

ክፍሊ ባህሊ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ድማ፡ ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ዝሃበ፡ ንተሳተፍቲ ድማ ዝመሰጠ፡ ሰውራውን ባህላውን ደርፍታት ኣቕሪባ።

2. ብጻይ ስዩም ዑቝባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዕለት 04.09.2004 ኣብቲ ንዝኽሪ መበል 43 ዓመት ብተሓኤ (ማእከላይ ባይቶ) ኣብ ለንደን እተዳለወ በዓል ብምስታፍ ቃል ውድብ ኣስሚዑ።

ከምኡ ውን፡ መንግስቲ ሊብያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝወስዶ ዘሎ ናይ ማእሰርትን ናይ ምብራር ስጉምትን ንምጽራር ብሲቪካዊ ማሕበራት ኣብ ለንደን እተጸውዐ ሰላማዊ ሰልፊ ተሳቲፉ።

---

ብዘይ ዕላዊ መንግስታዊ መግለጺ፡ ዕደላ ናይ ነዳዲ ኣብ ኤርትራ ብመቝነን ኰይኑ ከምዘሎ፡ ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ገሊጹ።

“ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ሳምንታት ነዳዲ እንተደኣ ደሊና፡ ኲፖን ክንገዝእ ኣሎና፤ ንሓንቲ መኪና፡ ንሓደ ሰሙን 30 ሊትሮ በንዚን 40 ሊትሮ ከኣ ናፍታዩ ዝፍቀደልና” ክብል ሓደ ናይ ምዕራብ ዲፕሎማት ተዛሪቡ።

“ወኪል ወጻኢ ቤት ጽሕፈት፡ ኤምባሲታት ዝውንንወን ብዝሒ መኻይን ክሕብራ ሓቲቱ፥ እንተኾነ ግን ብመንግስቲ ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጺ የለን። ብናይ ኤርትራ ማዕከናት ዜና ውን ኣይተዘርበሉን” ክብል እቲ ዲፕሎማት ገሊጹ።

ናይ ፐትሮልዩም ኲባንያ ዋና ኣካያዲ፡ ኣቶ ተስፋይ ዘካርያስ፡ ውን ብተለፎን ተሓቲቱ መልሲ ክህብ ግን ፍቓደኛ ኣይነበረን። ከምኡ ውን፡ ሚኒስተር ጽዓትን ዕደናን፡ ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ሰኑይን ሰሉስን ስለዘይነበረ ሕቶታትና መልሲ ክረኽቡ ኣይከኣሉን።

ጠንቂ ምዕዳል ነዳዲ ብመቝንን ካብ ሕጽረት ናይ ወጻኢ ባጤራ ዝነቐለዩ ዝኸውን ዝብል ግምት ከምዘለዎም ኣስማቶም ክሕብሩ ዘይደልዩ ዲፕሎማስያውያን ይእምቱ።

ሰሉስ፡ ኣብ መዕደሊ ነዳዲ መስርዕ ሒዘን ዝጽበያ መኻይን ኣይነበራን፤ እንተኾነ ግን፡ ቅድሚ ገለ መዓልታት ሰብ ታክሲ ብሰንኪ ሕጽረት ነዳዲ ተሳፋራይ ዝኸፍሎ ዋጋ ክብ ከምዝበለ ክገልጹ ይስምዑ ነይሮም። ድሕርቲ ብ1993 እተኻየደ ሪፈረንደም፡ ነዳዲ ብመቝንን ክዕደል ሎሚ ካልኣይ ግዚኡ ኢዩ።

ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን፡ ነዳዲ ንሰለስተ ሳምንቲ ብመቀኑን ይዕደል ስለዝነበረ፥ ሓላፊ ኲባንያ ፐትሮልዩም፡ ሕጽረት ናይ ነዳዲ ከምዘየለ ግን፡ “ነቲ ዘይቀጥዑብ ኣጠቓቕማ ናይ ነዳዲ ንምንካይ እተወስደ ስጉምቲዩ” ክብል ተሰሚዑ ነይሩ።

ኤርትራ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ሃገር ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትጥቀመሉ ነዳዲ ካብ ደገዩ ዝመጽእ ክብል ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ጸብጺቡ።

---

ናይ ቢቢሲ ዜና ውሃቢ፣ ሚስተር ጆናህ ፊሸር፣ ካብ ኤርትራ ተባሪሩ። ሚስተር ጆናህ፣ ብዘይካኡ ካልእ ናይ ኣህጉራዊ ትካል ናይ ዜና ማዕከናት ኣብ ኤርትራ ከምዘይነበረን፤ ብሰበ-ስልጣን ኤርትራ ዝግበረሉ ዝነበረ ምክትታል ቀጻሊ ምንባሩን፤ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ኣትሒዙ ድማ፣ ጽንክር ዝበለ ምክትታል ከም ዝተገብረሉ ኣቃሊዑ።

ቅድሚ 3 ሳምንቲ፣ ምስ ሚኒስተር ዜና፣ ኣቶ ዓሊ ዓብዱ ኣሕመድ፣ ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ፥ “ዜናዊ ጸብጻባትካ ኣሉታዊ ዓሌታዊ ጣዕሚ” ዘለዎ ኢዩ ዝብል ክሲ ከምዝቐረበሉን “ንመን ከም ትሰርሕ ዘሎኻ ንፈልጥ ኢና” ከምዝተባህሎን ሓቢሩ። ተለፎኑን ናይ ኤለክቶኒክ ደብዳቤታትን ካልእ ንጥፈታቱ ን ኣብ ትሕቲ ምክትታል ከምዝነበረ ውን ዘኪሩ።

ምስ ናይ መንግስቲ ውሃብቲ ቃል ዝገበርክዎ ዝርርባት ብዘይ ፍረ ተሪፉ። ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ካብ ከተማታት ወጺኣ ንምስራሕ ናይ ሚኒስትሪ ዜና ፍቓድ ከምዘድልየኒ ተሓቢረ። እዚ ፍቓድዚ ከኣ ክርከብ ኢልካ ዘይሕለም ኢዩ ኢሉ። ኣብዚ ሰሙንዚ ድማ፣ ሓደ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ጸዊዑ፣ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልታት ካብ ኤርትራ ክትወጽእ ኣሎካ ዝብል ዘስደምም ውሳኔ ነጊሩኒ።

እዚ ውን ወጻእተኛ ስለዝኸንኩ ደኣምበር፣ ኤርትራዊ ነይረ እንተዝኸውን ከምዝእሰር ዝኾነ ይኹን ጥርጣረ የብለይን ኢሉ።

ሚስተር ጆናህ ፊሸር፣ ኣብ መ-መርያ ኣዋርሕ ናይዚ ዓመትዚ ምስ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኣብ ዝተራኸበሉ እዋን፣ “ስለምንታይ ኢዩ ኣብ ናጻ ፕረስ እምነት ዘይብልካ” ዝብል ሕቶ ከምዝቐረበሉን፤ ኢሳያስ ድማ፣ “እንታይዩ ናጻ ፕረስ፤ ናጻ ፕረስ ዝብሃል ኣብ ዝኾነ ይኹን ሃገር የለን” ዝብል መልሲ ከምዝሃቦ ኣጋሊጹ።